ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ
ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም ቤተክርስትያን
ኣምስተልፌን- ኣምስተልላንድ
ሆላንድ።

Eritrean Orthodox Tewahdo
MedhanieAlem kerk
Amstelveen -Amstelland
Holland.

26 ሕዳር 2015 ዓ.ም.ግ.
5 December 2022
ደ/ሰ/መ/ኣ/ኣ2015-338

በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ ኣሜን።

# መርድእ

ሓበሬታ ንኩሎም ምእመናንን ምእመናትን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስትያን ኤርትራ፥

ብጹእ ወቅዱስ ኣቡነ ቄርሎስ ቀዳማዊ፡ ሓሙሻይ ፓትርያርክ ወርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ዘኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስትያን ዘሃገረ ኤርትራ፥ ብዝሓደሮም ናይ ሓጺር መዓልትታት ሕማም ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘድሊ ሕክምናዊ ረዲኤት ክግበረሎም ድኅሪ ምጽናሕ፡ ብዕለት ፳፫ ኅዳር ፳፻፲ወ፭ ዓ.ም.ግ (02-12-2022 ዓ.ም.ፈ) ሰዓት 16፡15 ድሕሪ.ቀትሪ ኣብ መበል 96 ዓመት ዕድሚኦም ኣብ መንበሪ ቤቶም ብሰላም ዓሪፎም።

ብሞት ብጹዕ ወቅዱስ ኣቡነ ቄርሎስ ቀዳማዊ፡ 5ይ ፓትሪያርክ ወርእሰ ሊቃነ-ጳጳሳት ዘኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስትያን ዘሃገረ ኤርትራ፥ ሕዝቢ ቤተክርስትያን ደ/ሰላም መ/ዓለም ዝተሰመዖ ሓዘን ይገልጽ።

ሥነ ስርዓት ቀብሮም ሓሙስ ፳፱ ሕዳር ፳፻፲ወ፭ ዓ.ም.ግ (08-12-2022 ዓ ም ፈ) ጸሎተ ፍትሓትን ናይ መወዳእታ ምፍናውን ኣብ ርእሰ ኣድባራት ደብረ ጽዮን ቅድስቲ ማርያም ኣሥመራ ምስ ተገብረሎም፡ ኣብ ገዳም ደብረ ምዕዋን ኣቡነ ብጹዕ ኣምላክ ጉደይቲ ከም ዝፍጸም፡ እቲ ዝውጽእ ዘሎ ሓበሬታታት የመልክት።

ኦ እግዚኦ ኣዕርፍ ነፍሰ ፓትሪያርክ ኣቡነ ቄርሎስ።

እግዚኣብሔር ኣምላኽና ሃገርና ኤርትራን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቅድስቲ ቤተክርስትያንናን ይባርኽልናን ይዓቅበልናን። ምሕረቱን ሰላሙን ከኣ የውርደልና። ኣሜን።

*ሰበኻ ጉባኤ ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም፡ Het Kerkelijk bestuur van Debreselam Medhanie Alem*

Email: debreselammedhaniealem@gmail.com፡ Website: www.debreselam-medhaniealem.com
**Amstelveenseweg-965, 1081 JG Amsterdam Nederland**